# ሊቀ መንኳስ ኢያሱ

ብኪዳነ ግርማይ

01/22/2010

---

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ርቱዕ ልሳኑ ምዑዝ መልሓሱ፤
ብጥዑም ቃናኹም ሕሙም ትፍውሱ, ሕዙን ተሕጉሱ፤
ሊቀ መንኳስ ኢያሱ፣ ኣቱም ሊቀ መንኳስ እያሱ፤
ገና ብጊሓቱ ናበይ ትግስግሱ፤
ናብ ዕረፍቲ'ዶ ክተተንፍሱ?
ወይ'ስ ቀኒእኹም ብቶም ዝደቀሱ፤
ድቁሳት በዚሖም ክትቅስቅሱ፤
ሕንግዱ፣ ሊቀ መንኳስ ኢያሱ፣ ንገሩና መልሱ፤
ሰብ እንተ ደቂሱ ሓመድ ለቢሱ እምኒ ተተርኢሱ፤
መን ኣሎ ዝመፀ ተመሊሱ፤
ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ንገሩና መልሱ።

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ኣቦ ትብዓት፤
ናበይ ድኣ ትብገሱ ድንገት፤
ሃሎ! ሃሎ1 ኢሎም'ዶ ብፆት፤
ብዓል ስሑል፣ ሙሴ፣ ብፃይኩም ቀለበት፤
ናብ ብዓል ቈጻሕ ናብ ሓየሎም ናብ ስምረት፤
ውዕል ሕድር በሉ፣ ርሑቊ ኣይትኺዱ ድንገት፤
ዓዲ ስዉኣት ርሑቕ'ዩ ንየ!! ...ሩባ ሸገር ማዕዶ ሞት፤
ሊቀ መንኳስ፣ ጐሪሕኹም'ዶ ሊሚ'ስ ከምቶም ጐራሓት?
ከም ስሑል፣ ከም ሙሴ፣ ከም ሃፍቶም በኾሪ ስዉኣት፤
ደኺምኩም'ያ ሊሚ'ስ፣ ዕረፍቲ መሪፅኩም ኣብቲ ዓውዲ ኲናት፤
ሃገራዊ ህንፀት መሠረተ ልምዓት።

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ብዓል ደብሪ፤
ፍልፍል ሥነ-ጥበብ ዘይዛሪ፤
ሕዝባዊ ፍቕሪኹም ዘይጥለም ሕድሪ፤
ዋላ'ውን እንተ በዝሐ ወጥሪ፤
ጥሜት፣ ፅምኢ፣ ፀሓይ፣ ሓሩር፣ ቊሪ፤
ብዚ ኾሉ ሓሊፍኩም ተጋዲልኩም ብናህሪ፤
ዛንታኹም መፂኡና ሰጊሩ ባሕሪ፤
ዓሪፍኩም'ያ ሎሚ'ስ ብኽብሪ፤
ተወሪርና ብፀሓይ ቀትሪ።

በሉ ካብ ኮነ'ማ ካብ ተኸወነ፣ ጅግና ካብ ጨከነ፤
ፅንዓት ይሃቦ ንቤተ ሰብ፣ ንውድብ፣ ንኾሉ ነቲ ዝሓዘነ።

---